እዞም ሕግታት፡ ናይቶም ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግራሽን ኩነታት ወይ ቦታ ናይ ኣስራሒኦም ብዘየገድስ ንኹሎም ኣብ ውሽጢ ከተማ ስያትል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዝሸፍኑ እዮም።
ኣስራሕቲ ነዞም ሕግታት ክምእዘዙ ይግባእ። ሕነ ምፍዳይ ሕጋዊ ኣይኮነን።

# ሕጋጋት 2018 ናይ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል

ተልእኾ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል ንደረጃታት ዕዮ ብዝረቐቐ ናይ ማሕበረ-ሰብን ሰብ ንግድን ምትሕግጋዝ፣ ብስትራተጂካዊ ኣተግባብራን መሃዚ መምርሒ ብምምዕባልን ንዓሌትን ማሕበራዊ ፍትሕን ቆላሕታ ክም ዝንብር ኮይኑ ንምምሕያሽ እዩ።

እዚ ፖስተር'ዚ ኣብ ዝረአን ብቐሊሉ ክርከብ ዝከኣለሉን ናይ ስራሕ ቦታ ብቋንቋ እንግሊዝን ካልኦት ሰራሕተኛታት ዝዛረቡሉም ቋንቋታትን ክልጠፍ ኣለዎ።
ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ጽሑፍን ናይ ቃልን ትርጓሜን ንስንኩላን ዘድሊ መሳለጥያታትን የቕርብ።

SMC 14.19

## ዝተሓተ ደሞዝ

**ንሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ወሰን ይንብር**

### ዓበይቲ ኣስራሕቲ

**(501 ሰራሕተኛታት ወይ ካብኡ ንላዕሊ)**

**እቲ ኣስራሒ ናይ ውልቀ ሰራሕተኛ ሕክምናዊ መድሕን ይሸፍል ድዩ?**

| ኣይፋል | እወ |
|---|---|
| $15.45 ንሰዓት | $15.00 ንሰዓት |

### ንኣሽቱ ኣስራሕቲ

**(500 ሰራሕተኛታት ወይ ካብኡ ንታሕቲ)**

**ኣስራሒ ንሕክምናዊ መድሕን ውልቀ ሰራሕተኛ እንተ ወሓደ ንሰዓት $2.50 ይሸፍል'ዶ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓት እንተ ወሓደ $2.50 መቕነሽ ይረክብዶ?**

| ኣይፋል | እወ |
|---|---|
| $14.00 ንሰዓት | $11.50 ንሰዓት |

**ዕብየት ኣስራሒ**

ናይ ኣስራሒ ዓለምለኻዊ ድምር ሰራሕተኛታት ቁጸር። ኣብ ፍቓድ ንግዲ ካብ ዓበይቲ ሰብ ንግዲ (Franchise) ወሲዶም ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ንኹሎም ኣብቲ መርበብ ዝሰርሑ ቁጸር።

**ሕክምናዊ መድሕን**

ሰራሕተኛ ቡቲ ናይ 'ፈደራላዊ ኣዋጃት ሓገዛት ዕድጊ' Federal Affordable Care Act መምርሒ መሰረት ኣብ ደረጃ ብሩር ወይ ልዕሊኡ ዝርከብ መድሕን ክምዝገቡ ኣሎዎም።

>>እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ናይ ሕክምና መድሕን ምስ ዘይቅበሎ ወይ መድሕን ክረክብ ብቕዓት ምስ ዘይህልዎ ኣስራሒ እቲ ንደሎ ዝኾነ ዝተሓተ ደሞዝ ክሸፍል ኣይክእልን።

SMC 14.20

## ቅጥፈት ደሞዝ

**ኣንጻር ቅጥፈት ደሞዝ መከላኸሊ የቕርብ**

**ኣስራሕቲ ኣብ ስሩዕ መዓልቲ ክፍሊት ደሞዝ እቶም ሰራሕተኛታት ዝእውዱዎ ኩሉ ክሸፍሉ፡ ንሰራሕተኛታት ድማ ብዛዕባ ስራሖምን ክፍሊቶምን ዝገልጽ ሓበሬታ ብጽሑፍ ክህቡዎም ይግባእ።**

**እቲ ጽሑፍ ሓበሬታ ክሕዞ ዝግባእ፡**

- ስም ኣስራሕን ክርከበሉ ዝኽኣለሉ ሓበሬታን
- ናይ ሰራሕተኛ መጠን ክፍሊት፡ ዝያዳ ሰዓት ሰሪሑ ክሽፈል ዝኽእልን ዘይክእልን ምኽኑ፡ መሰረት ኣከፋፍላ (ብሰዓት፡ ብኣብረ፡ መዓልታዊ፡ ሰሙናዊ፡ ኮሞሺን) ክምኡ'ውን ምዱብ መዓልቲ ደሞዝ
- መግለጺ ናይ ኣስራሒ መምርሒ ኣከፋፍላ ሞቕሸሽ
- ኣብ መዓልቲ ደሞዝ ናይ ዝተሸፍለ ዝርዝር መግለጺ

**ኣብነታት ናይ ክፍሊት ረጃሒታት፡**

- እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ክፈል
- ዝያዳ ሰዓታት ዝተሰርሐ ክፈል
- ሰራሕተኛ ዘዕርፈሉ ሰዓት ክፈል
- ዝተሰማማዕካሉ ክፍሊት ክፈል
- ክንዮ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንዝተሰርሐ ክፈል
- መቕነሽሽ ክፈል
- ናይ ኣገልግሎት ዋጋ ክፈል (ብዘይካ ኣብቲ ቅብሊት ወይ መግለጺ ዓይነታት መግቢ ንዓሚል ዘገልግል ሰራሕተኛ(ታት) ኣይክፈልን ዝብል ጽሑፍ እንተ ሃልዩዎ)
- ካብ ሰራሕተኛ ዝተንብረ ወጻኢ ተክእ
- ንሰራሕተኛታት ኣብ ዘይግቦኦም መደብ ኣይተእቱ

SMC 14.17

## ርትዓዊ ዕድላት ስራሕ

**ንኣጠቓቕማ ናይ ገበን ክሲን ታሪኽ ማእሰርትን ይድርት**

**ክልኩል**

- ስኑድ ናይ ገበን ክሲን ማእሰርትን ንዘሎዎም ኣመልከትቲ ዝግልል ናይ ስራሕ መቃልሒ (ads)፣
- ኣስራሒ ኣቐዲሙ ናይቲ ኣመልካቲ ብቕዓት መምዩ እንተ ዘይኾይኑ ናይ ገበን ክሲን ማእሰርቲን ታሪኽ ዝሓትት ናይ ስራሕ መመልከቲ ምሕታት፣
- ኣብ ናይ እስራት ታሪኽ ጥራሕ ብምምርኻስ ስራሕ ምኽልካል (ወይ ካልእ ንዳኢ ዝኾነ ምስ ምቕንጽር ዝተኣሳሰረ ስጉምቲ ምውሳድ)

ሓድሓደ ፍሉይነታት ክም ንትሕተ 16 ዓመት ዕድመ ዘሎዎም ቆልዖት፡ ናይ ምዕባለ ስንክልና ዘሎዎም ወይ ብቐሊሉ ክጉድኡ ዝኽእሉ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት ብዘይ ተቐጻጻሪ ዝወሃብ ስራሕ ክህሉ ይኽእል።

**ኣስራሕቲ ነዚ ዝስዕብ ክገብሩ ይግባእ**

ኣመልከትቲ ነቲ ዝተሓተ ረጃሒታት ምምላእም ክሳብ ዝምመ እቲ ናይ ድሕረ-ባይታ ታሪኽ ምፍታሽ ክደናገ፣

ቅድሚ ናይ ገበናዊ ድሕረ-ባይታ ፈተሻ ምግባር ዝኾነ ንዳኢ ተግባር ንኽይውሰድ መምርሒ ምስዓብ፡

- ነቲ ኣብ ገበናዊ ድሕረ-ባይታ ዘሎ ሓበሬታ ከረድኣ ወይ ክእርም ዕድል ምሃብ
- ነቲ ናይ ስራሕ ቦታ እንተወሓደ ንክልተ መዓልታት ክፋት ጌርካ ምሓዝ
- ነቲ ዘመልክት ሰብ ምቕጻር ኣብቲ ትካል ንግዲ ጉድኣት ክስዕብ ወይ እቲ ሰራሕተኛ ምስቲ ነቲ ስራሕ ዘሎዎ ክእለት ኪጋጨዎ ክም ዝኽእል ብቑዕ ምኽንያት ምቕራብ።

SMC 14.16

## ርትዓዊ ናይ ሕማምን ድሕነትን ግዜ

**ንሕክምና ወይ ንድሕነት ኩነታት ዝጥቀሙሉ ግዜ ክኽፈሎ ይጠልብ**

**ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታት ንባዕላቶም ይኹን ወይ ንኣባል ስድራ-ቤቶም** (ንውላድ፡ ንወላዲ፡ ንበዓል/ቲ ቤት፡ ኣብ መዝገብ ዝኣተወ/ት መናብርቲ፡ ኣቦ/እኖ-ሓን፡ ደቂ ደቂ፡ ሓው/ቲ) **ክንክን ዝገብሩሉ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ክህቡ ይግባእ።**

**ንሕማም ዝወሃብ ዕረፍቲ፡** ንኣካልን ንኣእምሮን ጥዕና ዝምልከት፡ ናይ ሕክምና ቆጸራ ሓዊስካ

**ናይ ድሕነት ግዜ፡** ምስ ናይ ቤተ-ሰባዊ ናዕቢ፡ ግብረ-ስጋዊ መጥቃዕቲ፡ ብሕቡእ ምክትታል፡ ወይ ካልእ ማሕበራዊ ናይ ድሕነት ኩነታት ዝተተሓሓዘ

**መጠን ክፍሊት ንሕማምን ድሕነትን ሰዓታት (PSST)**

| | 1ይ ጸፍሒ | 2ይ ጸፍሒ | 3ይ ጸፍሒ |
|---|---|---|---|
| ዓቕን ኣስራሒ ዓለም-ለኻዊ ምሉእ ሰዓታት ዝሰርሑ (ምሰዝ) | **ክሳብ 49** ምሰዝ | **50-249** ምሰዝ | **250+** ምሰዝ |
| ውህሉል PSST ብመጠን ዝተሰርሐ ሰዓታት | **1 ሰዓት** ካብ 40 ሰዓታት | **1 ሰዓት** ካብ 40 ሰዓታት | **1 ሰዓት** ካብ 30 ሰዓታት |
| ምትሕልላፍ ዘይተጠቕመሉ PSST ዓመታዊ | **40 ሰዓታት** | **56 ሰዓታት** | **72 ሰዓታት**** |

| ኣስራሕቲ | ሰራሕተኛታት | 206-256-5297 |
|---|---|---|
| ናይ ብሕቲን ነጻ ኣገልግሎትን።<br>ምምእዛዝ፡ ምሕጋዝ፡ ምስልጣን። | ናይ ብሕቲን ነጻ ኣገልግሎትን።<br>ምስልጣን፡ ሓበሬታ ምምዝጋብን መርመራን | www.seattle.gov/laborstandards |

**ሰራሕተኛታት ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቋንቋ ንኣስራሒኦም ኣብቲ ስራሕ ብዛዕባ ዘድሊ ፖስተር ክሕብሩ ይኽእሉ**

✓ ንቋንቋኻ ዝምልከት ኣብዚ ፈትሽ Ô Amharic/ኣማርኛ Ô Arabic Ô Chinese Ô Khmer Ô Korean Ô Oromo/Oromiffa Ô Somali/af Soomali Ô Spanish/Espanöl Ô Tagalog Ô Thai Ô Tigrinya/ትግርኛ Ô Vietnamese/Tieng viet and more.

**OFFICE OF LABOR STANDARDS** 810 THIRD AVE, SUITE 375, SEATTLE, WA 98104 (206) 256-5297 LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV HOURS: 8 AM – 5 PM (MON-FRI)